# ፌስቲቫል ኤርትራ ዓባይ ብሪጣንያ ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ!

ፌስቲቫል ኤርትራ 2008 ካብ ዕለት 29 ነሓሰ ክሳብ 31 ነሓሰ ብኽብ ዝበለ ማዕርግ እዩ ተኸቢሩ፣ እቲ ናይ ወግዓዊ መኽፈቲ ቀዳም ንግሆ ሰዓት 11 ብናይ ኽብርቲ ዕድምቲ ልእኽቲ መንግስቲ ኤርትራን ግንባርን ኣደ መንበር ህ.ግ.ደ.ኤ. ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ እዩ ተኸፊቱ፣ ኣብቲ መኽፈቲ ዝተረኽቡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱን ካልኦት ሓለፍትን ተጸዋዕትን ከምኡውን ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ተረኺቦም ኔሮም፣

ብጉጅለ ዋርሳን ህዝብን ተዓጂቦም ኣብ ቀጽሪ ፌስቲቫል ኤርትራ ብሃገራዊ መዝሙር ተሰንዮም ባንዴራ ኤርትራ ሰቒሉ፣ ኣዴታት ባህላዊ ኽዳን ለቢሰን ብኸበሮን ሳዕስዒትን ተሰንየን ንውቅብቲ ባንዴራና ኣንዳንበልበላ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ኣጋይሽን ዕዱማትን ተቐቢለን፣

ብህጻናትን መንእሰያትን ዝተዳለወ ባህላዊ ሳዕስዒትን ምርኢትን ከምኡውን ብህጽናት ዝቐረበ መደብ ኣሰርን ባይቶ ቕልዑን ንባህልን መነባብሮን ኩለን ብሄራትና ዘንጸባርቕ ብህዝቢ ድማ ዓቢ ኣድንቖት ዘትረፈ መደብ እዩ ኔሩ፣

ፌስቲቫል ዓባይ ብሪጣንያ ባህላዊ ቁሸታትን ምርኢትን ስፖርታዊ ንጥፈታት ስድራ ቤታዊ ምትእኽኻብ ዝሓዘለ ብምንባሩ ኣብ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ባህታ ዝፈጠረ ኔሩ ክባሃል ይከኣል፣ ነቲ ሰለስተ መዓልቲ ዝወዓልናሉ ጎልጎል ፌስቲቫል ኤርትራ ተወሳኺ ድምቀት ዝሃቦ ነቲ ሰለስት መላግቦ ዝኾነ ተሳታፋይ ዘሳተፈ መደባት ምምራቕ ተመሃሮ 2008 ። መድረኽ ወፍርን መሻርኽትን ። ምርኢት ስእልን ቅርስታትን እዩ ኔሩ፣

ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ሰሚናር ብላዕለወይቲ ልእኽቲ መንግስትን ግንባርን ኣደ መንበር ህ.ግ.ደ.ኤ ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ንህሉውን መጻእን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪታ ሰፊሕ መብርሂ ሂባ፣ ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ኣመጻጽኣናን ዝሓለፈ ብድሆታትን መሰረት ምስ ንገብር ጥራሕ ኢና ክንደይ ከምዝተጎዓዝናን ክንደይ ይተርፈና ከምዘሎን ክንፈልጥ ንኽእል ኢላ፣ እዚ ንምግባር ኣብ ቁጠባዊ ልምዓታዊ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኣመልኪታ ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኣርእስትታት መብርሂ ሂባ፣

1- ኣብ እዋን ሓርነት ዝተሰላሰሉ ልምዓታዊ ስርሓትን ታራ ህዝብን መንግስትን ኣብ ቁጠባዊ ህንጻት።
2- ምስዚ ኹሉ ተጻብኦታትን ብድሆታትን ንቐጻልነት ልምዓታዊ መደብና ዘካየድናዮምን ከነካይዶም ዘለናን።
3- መጻኢ መኸተ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ።
4- ልሉላውነት ሃገርና ካብ ምውሓስን።

ብዝብል ብእዋናዊ ሓበሬታ ኣሰንያ መብርሂ ሂባ፣ብተሳተፍቲ ዝቐረበላ ሕቶታት ድማ ሰፊሕ መልስን መብርህን ሂባ፣ ጎኒ ጎኒ እዚ መደባት ኣብ ኣዳራሽ ሓደ ልቢ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝቕመጡ ስነ ጥበበኛታት ጉጅለ ባህሊ ንናይ ህዝቢ ወኒ

ዘንቀሳቐሰ ናይ ትልሂት ምርኢት ኣቕሪቦም፣ ፌስቲቫል 2008 ካብ ከተማታት ስኮትላንድ።ግላስጎ ኤድንብራ ከምኡውን ለንደን። ማንቸስተር። ሊቨርፑል። ሊድስ። ካልኦት ከተማታትን ብማካይን። ኣውቶቡሳትን። ባቡርን ዝመጹ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ኤትርራውያን ዝተሳተፍዎ ትማሊ ሰንበት ዕለት 31 ነሓሰ 2008 ልክዕ ሰዓት 11 ናይ ምሸት ብድሙቐ ዓወትን ውዕውዕ መንፈስን ተዛዚሙ፣

ዓወት ንሓፋሽ!
ሽማግለ ዜናን ሓበሬታን!